# ርእሲ ዓንቀጽ

## ህዝቢ ኤርትራ ጸላእቲ በዚሖም'ምበር: ንመሰሉ ዝከላኸል ሰራሕ ቅያ ጅግና'ዩ።

ጅግና ትርጉሙ እንታይ ማለት'ዩ?- **ንፉዕ: ደፋር: ሓየት: ተባዕ: ክኢላን ተኻላኺሉ ዘጥቅዕ ተዋጋኣይ።** እቲ ቅኑዕ መግለጽን ትሕዝቶን ሓደ ጅግና ሰብ ከኣ: ህይወቱ ኣጥፊኡ: ጥሪቱን መሬቱን ብመጥቃዕቲ ንኸውንን ብመደብ ዝወሮ ጸላኢ: ብትብዓት ተኻላኺሉ ስዒሩ: ህይወቱን ንብረቱን ዘድሕን'ዩ። ብዙሓት ጀጋኑ ዘለዎ ህዝቢ ከኣ: ንመሰሉ ክገፍፍ ኢሉ ዝወሮ ግዳማዊ ይኹን ውሽጣዊ ሓይሊ: ብግቡእ ኣለልዩ ህዝቡን ሃገሩን ከይድፈር: ብሓባር መስዋእቲ ከፊሉ ዝከላኸል'ዩ። ሓደ ጀጋኑ ተኻላኺልቲ ሃገር ዘለዎ ህዝቢ: ንውሉድ ወለዱ ኰሪዑን ክብሩ ተሓልዩን እዩ ዝነብር።

"ህዝቢ ኤርትራ ንመሰሉ ዝከላኸል ጅግና ህዝቢ ድዩ ኣይኮነን?": ዝብሉ ክትዓት ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ተጋኒኖም ይስምዑ'ዮም። ሓይሎ ሰባት ድማ: "ድሕሪ ሰለፋ ኣንታይ ተረፋ": ህዝቢ ኤርትራ ንመሰሉ ዝከላኸል ንፉዕ ህዝቢ ኣይኮነን"። ብኻልእ ሓይሊ ተኣዚዙ'ምበር: ብነብሱ ተኣማሚኑ ንውልቃዊ መሰሉን ሓርነቱን ግን: ብድፍረት ዘይከላኸል ምሉኽ ተዋግኣይ ጥራይ እዩ። ኮታ ተዅስ እንተበልካዮ ዝትዅስ: ደቅስ እንተበልካዮ ዝድቅስ: ክትግፈፍ ኢኻ ተዳሊኻ ጽናሕ ኣንተተባህለ: ስንቁ ሒዙ ኣብ'ቲ ዝግፈፈሉ ቦታ: ሰዓቱ ኣኽቢሩ ዝርከብ ህዝቢ'ዩ: ክልተ ካብ ሚእቲ ድራር ተጋደልቲ ኣዋጽእ ኣንተተባህለ: እቲ ዝዋጽኦ ገንዘብ ኣበይ ይኸይድ ከምዘሎ ከይሓተተ ዝተኣዘዞ ሔራይ ኢሉ ዘዋጽእ ህዝቢ'ዩ...ወዘተ..." ክብሉ ይስምዑ።

ገለ-ገለ ግዱሳት ተመራመርቲ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ: ፍልይ ዝበለ ርእይቶኦም ብኸም'ዚ የቕርቡ:- "ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ዘይበቕዑዎ "መራሕቲ" ዘውጽኡዎ መደብን ዓላማን ስለዝተኸተለን: ድሕሪ ዓወት ኣንታይ ዓይነት ሕቡእ ኣጀንዳ ከምዘሎዎ ድማ: ከይተመራመረን ከየለለየን: ብግርህነትን እምነትን "ጅግንነት" ጥራይ ኣንዳፈጸመ: ኣሜን ኢሉ ንመዋእል ክጕዓዝ ከምዝጸንሔ ዘይክሓድ ሓቂ'ዩ። ብኻልእ ወገን ክስሓት ዘይብሉ ከኣ: ሓደ ርኡይ ሓቂ'ሎ። ነቲ ዘይብቑዓት "መራሕቲ" ዘውጽኡዎ መደብን ዓላማን: ግጉይ ምዃኑ ዘለለዩን: ንረብሓኦምን ረብሓ ህዝብን ዘቐድሙን: ቅኑዓትን ኣርሒቕም ዝጥምቱን: ብብቕዓት ክኣልዩ ዝኽሉን ለባማት ጅጋኑ: ካብ ከስዒኡ ዝተወልዱ ማኣለያ ዘይብሎም" በብሓደ ሰብ ውሓደ" ኮይኖም: በቶም መሳርሒ ባዕዳውያን ዘይብቑዓት "መራሕቲ": ብስዉር ስለዝተቐንጸሉ: ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ: "ጀጃዊ: ፈራሕ ህዝቢ'ዩ": እንዳተባህለ መስሓቕ ሽራፋት ኮይኑ: ኣላሽ ዝበለ መሲሉ ይርኤ ኣሎ" ይብሉ። ነቶም ነቲ ነዊሕን ሰንሰለታዊን ተመክሮ ውረድ ደይብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ: ብግቡእ ዝተኻታተሉ ደቂ-ሃገር ግን: ህዝቢ ኣርትራ ራእዩኡን ጅግነቱን: ብሰለልትን ኣገልገልቲ ባዕዳውያን: ተመዝሚዙ (ማኒፕለይት ስለዝኾነ) ስለዝተጨውየ: ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ጕይታ ሃገሩ ኮይኑ ባዕሉ-ንባዕሉ ቀሲኑ ዝመሓደር: ባርያ'ታ ተቓሊሱ ዘምጽኣ ነጻነት ኮይኑ ይርከብ ከምዘሎ ርዱእ'ዩ።

ስለ'ዚ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተተንተነ መግለጺ: መሰረት ብምግባር: ቅኑዓትን ኣርሒቖም ዝጥምቱን: ንረብሓኦምን ረብሓ ህዝብን ዘቐድሙን ለባማት ደቂ-ኤርትራ ጠፊኦም: ብዕሱባት ከደምቲ ባዕዳውያን ስለዝተተክኡ'ዮም: ህዝቢ ኤርትራ ኣለይቲ ስኢኑ: ከም ፈራሕን ጀጃዊን ዝቝጸር ዘሎ። ብርግጽ ግን ህዝቢ ኤርትራ ብባህርያቱ ፍቱን ጅግና ምዃኑ ዓለም ዝመስከረሉ'ዩ። ራእዩኡ ግን ብባዕዳውያን ገዛኣቲ ተሰሪቑ'ዩ። "ወደን ከይሓምያስ ሰይቲ ወደን" ከምዝብሃል: ፈቲና ጸሊእና ብዘይ-ቀላዓለም ሓቂ ክወጽእ እንተድኣ ኰይኑ: እዚ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ዝረኽቦ ዘሎ ስቓይ: ብሃንደበት ካብ ሰማይ ዝነጠበ ናጠባ ኣይኮነን። ብረቂቕ መጽናዕቲ መሃንድሳት ስለላ መርበብ ባዕዳውያን ሃገራት: ብሓልፊ ብሲ.ኣይ.ኤን. ብሞሳድን: ብልፍንቲ ካልኦት ስለላ መርበባት ኤውሮጳ ሃገራት ተጸኒዑ: ንረብሓኦም ጥራይ ከገልግል ብጥበብ ተጠፍጢፉ ዝተሰርሔ መሪሕነት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ስለዝገዝኦ ዘሎ'ዩ። እዚባ እትባ ከይበልና እምባኣር: እዚ'ዩ እቲ ሓቂ። እቶም ካብ ብኣእምሩኦም ብኽብዶም ዝሓስቡ ኢሰያስ ዝሓለቖም ጭፍራ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: በቲ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ስለላ መርበባት ዘውጽኡሎም መደብ-ዕዮ ተመሪሖም'ዮም: ንህዝቢ ኤርትራ ኒሑን ሓቦኡን ጅግንነቱን: ጸንቂቖም ዘርምዘርሞ ከትርፉዎ ገና ዝቃለሱዎ ዘለው። ነዚ እቲ ብህዝቢ ኤርትራ ዝግደስ ኤርትራዊ ክርድኦ ግድነት ይኸውን።

ብዝተረፈ ጥር ኢልካ "ህዝቢ ኤርትራ ፈራሕ'ዩ": "ህዝቢ ኤርትራ ኣይንፉዕን'ዩ": ኢልካ ምውርዛይን: ከም ቃልሲ ዝሕሰብ ኣንተኾይኑስ ኣይግድን። መግለጺ ቀቢጸ-ተስፋን *(Frustration)* ብጸላእትኻ ተምበርኪኽካ: ኣላሽ ከም ዝበልካን ከስምዕ ግን ይኽእል'ዩ። ፍታሕ ዘምጽእ ኣገባብ ቃልሲ ግን ኣይኮነን። እቲ ንህዝቢ ከድሕንን ፍታሕ ከምጽእን ዝኽእል ወዲ ሃገር ግን: ኣቐዲሙ ነብሱ ፈቲሹ: ኣነኸ መንየ? ክሳብ ሎሚኸ እንታይ ዓይነት ኣጃም ኣበርክት ኣሎኹ? ንዝመጽእ ግዜኸ እንታይ ክገብር'የ ዝደሊ? እዚ ክሳብ ሕጂ ክኸይድ ዝጸንሔ መስርሕ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ቅኑዕ ድዩ? ኣብ ዝተኣጕደ መጋርያ ጥራይ ድየ ክስሕን ዝጕዛጕዝ ዘሎኹ? ወይስ ካብ ነብሰይ ተበጊሰ: ታሪኻዊ ተመክሮ ህዝቢ ኤርትራ ኣጽኒዔን: ነቲ በኹሩ ዘሎ

ሕቶ ሓድነት ኣለልየን: ኣጃመይ ኣበርክት ኣሎኹ? ምባል ይሓይሽ። ወይ ድማ ዘየፍሪ ኣንተድኣ ኰይኑ: ኣእዳወይ ዓሚኸ ኣዒንተይ ሸፊነ: ትም ይሕሸኒ ምባል ሕማቕ ኣይኮነን።

## ቀዳሞት ኤርትራውያን ይኹኑ: ሎሚ ዘለው ጀጋኑ'ዮም

ንኣብነት ጀጋኑ ኤሪትራውያን ኣብ ዘመን መሳፍንቲ ኢትዮጵያን ትግራይን ይኹን: ኣብ መዋእል ኮሎንያል ጣልያን: ኣብ ቅድመ-ዅናት እንዳተደፍኡ'ዮም ዝረግፉ ዝነበሩ። ካብኣቶም ከም ጐርቢ ጥጥቖ ኮይኖም ዝተረፉ ድማ: ግራዝማጅን ቀናዝማጅን በረምበራስን ዝብል ሽመት ይዕደሎም ከምዝነበሩ'ዩ ዝትረኽሎም። ብኸምዚ ግን ነታ ሃገር ምስ ጫዋ ባህላን ቅዱስ ሃይማኖታን ዓቂቦማ ጸኒሖም'ዮ።

እቶም ውሑዳት ቀዳሞት ጀጋኑ ኣቦታትናን ኣባሓጎታትናን: ንውዲት ኮሎንያል ጣልያን ተረዲኡዎም: "እምቢ ንባዕዳውያን ኣይነገልግልን ኢና": ኢሎም ንኣዘዝቲ ሹናት ቀንጺሎም: ህይወቶም ዘውጽኡ'ውን ነይሮም'ዮም። ነቲ ዘጓነፎም ሽግር ብኣድህቦ ገምጊሞም: ነቲ ንመዋእል በኸሩ ዝነበረ ሕቶ ጥርናፈ መሊሶም: ንጸላኢኦም ክምክቱ ግን ኣይተዓደሉን። ዳርጋ ድሕሪ ሓደ ሚእቲ ዓመት ዝኸውን ግዜ ግን: ኣብ ግዜ ሰውራ ኤርትራ ማለት'ዩ: ብኣቕልቦ እንተተኻታቲልናዮ ተጋደልቲ ጀብሃን ሻዕብያን: ብመራሕቲ መስርዕን: መራሕቲ ሓይሊን: መራሕቲ በጦሎንን: መራሕቲ ብሪገዳትን "ያላ ተበገስ" እንዳተባህሉ ጥራይ: ከምቲ ቀቅድሚ ሰረገላ ዝኸይድ ፈረስ: ጠጠኒኖሞ ግዳይ ዓረርን ባሩድን ኮይኖም ጠፊኦም'ዮም። እቶም ካብ ሞት ዝድሓኑ ውሑዳት እንተኾኑ'ውን: ውሽጣውያንን ግዳማውያንን ጸላእቶም ኣለልዮምን: ውሻጣዊ ኵነታት ውድቦም ገምጊሞምን: ነቲ በኸሩ ዝነበረ ሕቶ ቅኑዕ ጥርናፈ ንምምላስ: ክድምሩ ከለው ኣብ ዓወት ከይበጽሑ ተተእርዮም ተቐንጺሎም'ዮም። እቶም ዝበዝሑ ግን ኣብ ሰውራ ስለዝተሰለፉን: ኣብ ዓውዲ ኵናት ስለዝኣተውን: ንነብሶም ከም ጀጋኑ እንዳገልጹዋን: ኣይንላዕሊ-ኣይንታሕቲ ኮይኖም: መሳርሒ ዕሱባት መራሕቶም ኮይኖም: ክሳብ ሎሚ ዓሕ እንዳበሉ ይነብሩ ኣለው። ስለ'ዚ እዞም ከይተረድኦም ምእዙዛት ኣዘዝቶም ኮይኖም: ዘገልግሉ ዝጸንሑ ገናውን ዘለውን ደቂ ሃገር'ውን: በቶም ተኻሉ መራሕቶም ራእዩኦም ተሰሪቑ'ዩ'ምበር ጀጋኑስ'ዮም። ብኻልእ ኣዘራርባ ግን: ኣብ ክንዲ ብገዛእ-ርእስኻን ብብልሓትን ትጕዓዝ: ብትእዛዝን ሕንጻጽን ካልኦት ተመሪሕካ ጥራይ: እትዓዮ ዕዮ ኣብ መወዳእታ <u>በተኽን-መሳርሒ ጓኖትን</u> ኰንካ ጥራይ ኢኻ ትተርፍ። ስለ'ዚ እቲ ክሳብ ሎሚ: ኣብ ውሽጢ ኤርትራውያን ዘሎ መድሃኒት ዘይተረኽቦ ሕማም: ታሪኽን ተመክሮን ቃልሲ ኤርትራ ከይገምገካ: ብውድባዊ ውርሻዊ ተመሪሕካ ጥራይ: ሓንቲ መንገድን መስርሕን ሒዝካ ምጕዓዝ'ዩ። በዚ መንገዲ'ዚ ጥራይ ምኻድ ግን: ክሳብ ሎሚ ዓወት ኣይተረኽበሉን። ብሕጂ'ውን ክርከቦ ኣይክኣልን'ዩ። ስለ'ዚ ንሕና ኤርትራውያን መሰረታዊ ለውጢ ከነምጽእ መድረኽ ይጠልበና ኣሎ። ንሱ ድማ ኣብ ወጻኢ ሓደ መሰጋገሪ መንግስቲ: ብህጹጽ ክንምስርት ኣሎና። ካብኡ ሓሊፍና ውድብይ ውድብካ እንዳበልናሓሸውየ ምባል: ክልክመና'ዩምበር ኣየድሕነናን'ዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ዝግበር ቃልሲ ግን: ሞራልካ ኣውዲቕካ ኣብ ተስፋ ምቝራጽ ጥራይ እዩ ዘውድቐካ። ብሞራልን ብሓቦን <u>ገና ኣሎና</u> ኢልካ: እታ ዘይትሕፍር ሓቂ ሒዝካ: ንባዕልኻ ዓጊብካ: ንኻልኦት ዜጋታት ከተዕግብ ምብጋስ ግን ዓቢ ዓወት'ዩ ዘምጽእ።

ህዝቢ ኤርትራ ተባዓትን ጀጋኑን ደቁ ኣፍሪዩ'ዩ ነይሩ። ዕድሉ ኮይኑ ግን ኣይሰሰኑን። ኣብ ሰውራ ኤርትራ: ድልየቱን ራእዩን ህዝቢ ኤርትራ ንኽትግበር ኢሎም: ካብ *1966* ዓ.ም. ጀሚሮም ኣብ ውሽጢ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ብትብዓት ዝተላዕሉ ብዙሓት'ዮም። "ዘይሓሰብካዮ ርኽብ ኣይመርገም ኣይምርቓ" ከምዝብሃል ግን: ብሰንኪ ጆግራፊካዊ ኣቀማምጣ ሃገሮም: ንምሉእ ኣፍሪቃ ክመርሑ ዝኽእሉ ብዙሓት ጀጋኑን ፈላስፋታትን ኤርትራውያን: ብግስ ከይበሉ ብወከልቲ ስለላ መርበብ ባዕዳውያን እንዳተኣርዩ ተመንቀሶም'ዮም። ገና'ውን ክሳብ ሎሚ ይምንቈሱ ኣለው። ኣብ ኣብያተ ማእሰቲ ዝበልዩ ዘለውን ብዙሓት'ዮም። ኣዚ ከኣ ሓቂ'ዩ። እቶም <u>ኣውራ መንኰርኰር</u> ሰውራ ኮይኖም ዝተላዕሉ ደቂ-ሃገር: ብደቂ-ዓዶም ሰለልቲ ተተጨውዮም ተቐንጺሎምን ተመቝሖምን'ዮም። መንዩ ድኣሞ ክትክኦም? እቲ ሓለቓ ቅንጸላን ማእሰርትን ኢሰያስን: ደቀ-መዛምርቱን እምበር።

ስለዚ ነቲ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝሓለፈ ሚእቲ ዓመታት ክሳብ ሎሚ: ብሰንኪ ጸላእቱ ኣንታይ ዕንቅፋታት ከምዘጓነፎን: ገና ብዝተራቐቐ ስልቲ የጓንፎ ከምዘሎን: ብግቡእ እንተድኣ ተረዲእና: ንህዝቢ ኤርትራ ብጃምላ "ሕማቕ ህዝቢ'ዩ! : ጀጃዊ ህዝቢ'ዩ!" እንዳበልና ምግምጋም ምልክት ቀቢጸ-ተስፋ ጥራይ እዩ።

***ህዝቢ ኤርትራ ጸላእቲ በዚሖም'ምበር: ንመሰሉ ዝከላኸል ሰራሕ ቅያ ጅግና'ዩ።***

ብሓልዮት ደቀባት ኤርትራ
*04* ጥቅምቲ *2009* ዓ.ም.